# ሕድሪ ሰማእታት - ውሣያ ሹሃዳእ

## ቆልዓ (ወዲ) - ግጥሚ ንባብ ሙዚቃ ዘሳነዮ

ኤርትራኺ ናተይ - ኤርትራኺ ናተይ
ካብ ቀደምኪ ናተይ - ብሕድሪ ኣቦታተይ
ዘፍቅረኪ ሃገር - ከም ወላዲት ኣደይ
ኤርትራኺ ናተይ - ናተይ ናይ ብሕተይ
ስለኺ ሓሊፉስ - ኣይጉህን ህይወተይ
ከምቶም ዝቐደሙ - ጀጋኑ ኣሕዋተይ።

## ኣሮን (መራሒ ዜማ)

ካብ ደቡብ ንሰሜን - ዘደንቕ ቅርጽኺ
ካብ ምስራቕ ንምዕራብ - ዝጠምር ከብድኺ
ማእኸን ፍቕሪ ሰላም - ዝሓቁፍ ባህልኺ
ንሰኺ ኢኺ ህዝቢ - ህዝቢዉን ንሰኺ
ሰላም ዝልብኺ - ሰላም ዝሕልምኺ።

## ተቐበልቲ ብሓባር (ኣዝማች)

ኤርትራ ኤርትራ - ኤርትራ ኤርትራ
ነጻነታ ከይድፈር - ብናይ ባዕዲ ወረራ
ብዕጽምቲ ጀጋኑ ተሓጺሩ - ደባታታ ባሕራ።

ዕብየትኪ ከይግታዕ - ስኣን ልዝብ ኣቤትና
ኪዳን ንኣትወልኪ - ብደም ስውኣትና።

## ብዓረብኛ ደርፊ (ጋል ንስተይቲ)

ኣፍሪቃዊት ሃገር - ጀጋኑን ሊቃውንትን ዘፍረኺ
ያ በልተት ኣፍሪቂያ - ኣብጣል ወኹበራእ ኣንተጅቲ
ንጸሊም ንጻዕዳ መግዛእቲ - ዕጭ እምብለይ ዝበልኪ
ያ መን ተሓደይቲ - ኣልእስትዕማር ኣብየድ ወኣስወድ
ብመስዋእት ጀጋኑ ኮርዕኺ - ጸድኪ ዓንቢብኪ
ብሹሃዳኢክ ኣልኣብጣል - ፈኸርቲ ሰበትቲ ወተዓመኃቲ
ኣደ ክስታናይ እስላማይ - ኤርትራዊ ህዝብኺ
ኡመል ሙስሊም ወመሲሒ - ኤርትሪዪን ሻዕቢክ
ኣደ ጽኑዕ ህዝቢ - ዓለም ዘመስከርኪ።
ያ ኡመልሻዕብ እልሳሚድ - መን ሸሃድ ላኪ ኣልዓለም።

ቆልዓ (ጋል) - ግጥሚ ንባብ ሙዚቃ ዘሳነዮ

ኮሪዔ ተሓቢነ - ኩልሳዕ ብኤርትራዊነተይ
የማን ፀጋም ሪኤ - ደቂ ዓደይ መሓዙተይ
ብመስዋእቲ ጀጋኑ - ተጎናጺፈ ነጻነተይ
ፍቕሪ ሰላም ኮይኑ - ዝኣምኖ ሃይማኖተይ
ጻዕሪ ምዕባለ ኮይኑ - ክርኢ ትምኒተይ
ሕብረትን ሲኒት ኮይኑ - ሓድነት ዝዓለተይ
ህዝቢ ዓለም ይፍለጦ - ኤርትራዊ መንነተይ
ደላይ ሰላም ፍቕሪ - ምስኩሎም ጎረባብተይ።

ተቐበልቲ ብሓባር (ኣዝማች)

ኤርትራ ኤርትራ - ኤርትራ ኤርትራ
ነጻነታ ከይድፈር - ብናይ ባዕዲ ወረራ
ብዕጽምቲ ጀጋኑ ተሓጺሩ - ደባታታ ባሕራ።

ዕብየትኪ ከይግታዕ - ስኣን ልዝብ ኣቤትና
ኪዳን ንኣትወልኪ - ብደም ስውኣትና።

ኣሮን (መራሒ ዜማ)

ብጎቦ ብሕሉም - ብጎልጎል ስንጭሮታት
ብኣዕዋፍ ዜማታት - ብዱር ኣራዊታት
ብተፈጥሮ ጸጋ - ናይ ምድሪ ማዕድናታት
ሃብታም ወደባትኪ - ለቢሱ ዓሳታት
ኤርትራ በሉኺ - ሐበን ናይ ሰማእታት።

ብሰለሙን ብርሃነ ሠንጋል

"ሕልና" - የካቲት 2001

# ኣቲ ኤረ መዓረይ

ኣቲ ኤረ መዓራይ - ብሌን ናይ ዓይነይ
ህይወተይ ብዘይበኣኽስ - እንታይ ክዓብሰለይ።

ኣቲ ኤረ መዓረይ - ወሲድኪያ ልበይ
ኣቲ ኤረ መዓረይ - ኣፍዚዝኪዮ ኣእምሮይ
ኣቲ ኤረ መዓረይ - ኣሲርኪዮ መሓውረይ
ኣቲ ኤረ መዓረይ - ኣሻቒልኪዮ ሃላዋተይ
ንሸኺ ዘይብሉስ - ትርጉም ሲእኑ ህይወተይ።

ኣቲ ኤረ መዓራይ - ብሌን ናይ ዓይነይ
ህይወተይ ብዘይበኣኽስ - እንታይ ክዓብሰለይ።

ኣቲ ኤረ መዓረይ - ደንደስ ቀይሕ ባሕሪ
ልበይ ውሒጥኪያ - ከም ዕሳ ነባሪ
ኣቲ ኤረ መዓረይ - ዓይኒ ጸሊም ምድሪ
ንዓኺዶ ይምነ - ዘይፈተነ ፍቕሪ
ሓዊ ዘይተኣጉዶ - ዘይሃመመ ጋህሪ
ኣነስ ተዓዲለ - ንዓኺ ሂቡኒ ፈጣሪ።

ኣቲ ኤረ መዓራይ - ብሌን ናይ ዓይነይ
ህይወተይ ብዘይበኣኽስ - እንታይ ክዓብሰለይ።

ኣቲ ኤረ መዓረይ - ጽፉፍ ዝባህልኺ
ዕጽፍ ዝርግሕ በሊ - ይርአ ቅርጽኺ
ሽጥ መዓንጣ ኤረ - ቁመና መልክዕኺ
ስሓቕ ወሸክሉ - ዝማርኽ ግርማኺ
መንኣሎ ፍጡር ዘይምነ - ክኸውን ምሳኺ
ኣነስ ተዓዲለ - ኣምላኽ ሂቡኒ ንዓኺ።

ኣቲ ኤረ መዓራይ - ብሌን ናይ ዓይነይ
ህይወተይ ብዘይበኣኽስ - እንታይ ክዓብሰለይ።

ኣቲ ኤረ መዓረይ - በልኒ ናትካየ ናይ በይንኻ
ከይሓስብ ከይፈርህ - በሊኒ ኣጆኻ ኣጆኻ
ኣጸናንዕኒ ፍቕረይ - በልኒ ኣለኹ ምሳኻየ ምሳኻ
ጋኖት ከይወስድለይ - ሰዲዶም ናይክፍኣት ማሕለኻ
ኣቲ ኤረ በልኒ - ኣነየ ፍቕርኻ ኣነየ ዓድኻ
ልበይ ክረግኣለይ - በልኒ ኣለኹ ምሳኻ ምሳኻ
ህይወተይ ሓሊፉስ - ወላ እንተኾንኩ ሓሰኻ።

ኣቲ ኤረ መዓራይ - ብሌን ናይ ዓይነይ
ህይወተይ ብዘይበኣኽስ - እንታይ ክዓብሰለይ።

ብሰለሙን ብርሃነ ሠንጋል

ሕልና የካቲት 2001